# ታዓሪቕም ክብሉኻ ታሓጎስ
# ተባኢሶም ክብሉኻ ንዕርቂ ተበገስ

ክቡራት ኤርትራውያን ብቐጻምነት ሰላም ብምቕጻል ሰላም ኣብ ሞንጎ ህዝቢ ይኹን ህዝብታት፣ ካብ ናይ ባዕልኻ ተበግሶን ጻዕርን'ዩ ዝርከብን ነባሪ ዝንኸውንን ጽልእን ቅርሕንትን ካኣ ካብ ዘይብሱልን ካብ ስንኩፍ ኣታሓሳስባን ዝትስእ ኮይኑ ዘይርጉእ መንፈስ ኣብቶም ኣህዛብ ይኹኑ ሕብረተ ሰባት ከስዕብ ዝኽእል ሕብረተ ሰብኣዊ ሕማም ኢዩ ፣ ነዚ ጠንቁ ዝፈልጡ ለባማት ካብ ዝናገሩ ጸሞም ይሕደሩ ኢሎም ካብ ነገር ይርሕቁሉን ብእዋኑ ይካላኸሉዎን እሞ ብሰላም ይነብሩ።

ኣቦታትና ነዚ ብዕምቆት ስለ ዝርድኡን ሰላም ካብ ትዕግስትኻን ናይ ጥዑይ ሕልና ኣታሓሳስባኻን ነባሪን ርጉእን ከም ዝኸውን ተረዲኦም ንባእሲ ናይ ኣሕዋት ደቂሶም ኣይሓድሩሉን ኢዮም ኔሮም፣ባእሲ ናይ ኣሕዋት ምስ ዝሰምዑ እንታይ ኢዩ ዝስማዕ ዘሎ ፣ እገለን እገለን ጽቡቕ የለውን፣ ብምንታይ ከም እተባኣሱ ንዓ ውሽጡ ንፍለጦ ኢሎም ባእሲ ጊዜ ከይወሰደን፣ ቂም ከይሳዕረረን፣ ንዝኾነ ኣብ ሞንጎ ኣሕዋት በብእዋኑ ብቐሊል ድዩ ብኸቢድ ዝትስእ ግርጭታት የደቅስዎ ኔሮም።

ነቲ ኣብ ጊዜኦም ብብጊዜኡ ብዝታፈላለየ ምኽንያትን ኩነታትን ኣብ ሞንጎ ኣሕዋት የጋጥም ንዝነበረ ግርጭታት ብቕንዕና የደቅስዎ ስለ ዝነበሩ፣ ኣብ ሞንጎኦም ሰላም ነጊሱ፣ ብሰላምን ብፍቕርን ከም ዝነብሩ ይገብሩ ኔሮም፣ ኣብ'ዚ እዋን እዚ ግን፣ እዚ ጭዋን ንዝኾነ ኣብ ሞንጎ ህዝብና ዘጋጥምን ሽግራት ናይ ምፍታሕ ተኽእሎ ኣጥፊኡ፣ ዘርሞ ዘርሞ ከም ነተርፍን፣ ከም ህዝቢ ክረዳድኡ ዘይኽእሉን ኣብ ሞንጎኦም ስምምዕ ዘይብሎምን ሕብረተ ሰብ ከም ንኸውን ኰና ንነብር ኣለና።

ከምኡ ስለዝኾነ ካኣ ሎሚ፣ መንእሰያት ኣብ ሃገሮም ግደ ማእሰርትን ሞትን ይኾኑ ስለዘለው፣ መፈጠሮም ጸሊኦም ሃጽ ኢሎም ካብታ ኣብ ጊዜ ውግእ 98 ሃገር ተወረረት ኢሎም እታ ዝኾነ መተካእታ ዘይብላ ሂወቶም ንኽህቡ ሆ-ኢሎም ዝተበገሱላ ዝፈትውዋ ሃገሮም በሪሮም ካብ ሽግር ክኽወሉ ክብሉ ብብዝሒ ኣብ ፈቐዶ ምድረ በዳ ብሑጻ ተደብዮም እናጠፍኡን ኣብ ባሕርታት ይጥሕሉ እናህለውን እንታይ ምጸታቱ ኢዩ ምሕረት የውርደላ ሃገር ተባሂሉ ህዝቢ እዝጊዮ ክብል ይውዕልን ይሓድርን ይሎ።

እቲ ጠንቂ ድማ ሓደ ቅጥዒ ዘይብሉ ሕጊ ኣልቦን ኣብ'ዚ ስልጡን መዋእል እዚ ባይቶን ብሕጊ ዝግዛእ ምሕደራን ዘይብሉ ስርዓት ስለ ዘሎ ኢዩ፣ እዚ ንምርዳእ ኢሎም ኩሎም እቶም ብህዝቦምን ሃገሮምን ዝቁርቆሩ ሰብ ሕልናን ክቡራትን ኤርትራውያን በብኽእለቶም እቶም ዝጽሕፉ እናጻሓፉ እቶም መራኸቢ ዝውንኑ ጎሮሮኦም ክሳዕ ዝነቅዕ እናጋዓሩ፣ ዘይሰምዕ እዝኒ ዘይርኢ ዓይኒ ከም ዘለዎ ጨካን ፍጡር ነቲ ሽግር ህዝብና ዓለም ዓይኑ ከፊቱ ርእዩዎን ኣስተባሂሉሉን፣ ህዝቢ ኤርትራ ካብ ክፉእ ዝኸፍኤ ናብራ የሕልፍ ከምዘሎ ተረዲኡ ነቲ ስርዓት ዕላማ ዝገበረ እሞ ንህዝቢ ንኽይጎድእ ዘነጻጸሪ ማዕቀብ ተጌሩ፣ ነዚ ካኣ ብንጹር ብቛንቋኦም (Smart sanction which harms only the Government and not the people) ኢሎምዎ።

ነዚ ብንጹር ዝገለጽዎን ነቲ ህዝቢ ካብዚ ዘለዎ ከቢድ ሽግር ንምውጻእ ዝሕግዝ ኣብ ልዕሊ እቲ ንህዝብና ኣጨኒቑ ርሑ ዘምልኾ ዘሎ፣ስርዓት ኣልቦ ማዕቀብ ስለ ዝገበሩ፣ እቲ ስርዓት እዚ ማዕቀብ ኣይገበር በሉ ስለ ዝበለኩም ነቲ ዝበሎ ሰሚዕኩምን፣ ተማእዚዝኩምን ሰላማዊ ሰልፊ ጌርኩም ኣንጻር እቲ ተውሲዱ ዘሎ ማዕቅብ ከተእውዩሉ ኣብ ምብጋስ ትሽባሸቡ ዘለኹም፣እቲ ስርዓት ምስ ወደቐ ህዝቢ ክታሓሳሰበኩም ስለ ዝኾነ፣ ንዝኾነ ኣብ'ዚ ጉዳይ እዚ ዘሳሲ ኩሉ ክሓስበሉ ከም ዘለዎ ከዛኻኽር እፈቱ፣ዓስ እብለኪ ኪር እብለኪ እንተ ኣበኺ ንነብሪ ይበልኪ ከም ዝብሃል ኢዩ፣ ዝኾነ ይኹን ኣንጻር ህዝብኻ ዝውሰድ ስጉምቲ ኣብ መጻኢ ዘታሓታትት ስለ ዝኾነ ክሕሰቦ ዝግባእ ኢዩ፣ ኢለ ስለ ዝኣምን ነቶም ኣብ'ዚ ጉዳይ እዚ፣ ላዕሊ ታሕቲ ትብሉ በዚኣ ደጊምኩምን ኣብ ሚዛን ኣእቲኹምን ክትሓስቡሉ ኤዛኻኽረኩም ህዝቢ መታርፍትኹም ኢዩ፣ መንግስቲ ግን ከያድን መጻእን ኢዩ፣ ልቢ ግበሩ ብስጉምትኹም ሽግር ህዝቢ ይናውሕ ኣሎ፣ ህዝቢ መርገሙ ምስ ኣብጽሖ እቲ ጣዕሳ ክኸብደኩም ኢይ።

ኣብ'ዚ እዋን እዚ ህዝብና፣ ነቲ ካብ ነዊሕ ኣትሒዙ፣ ብለባማትን መስ ተውዓልትን ኣርሒቖም ዝርእዩን ደቂ ሃገር ነቲ ስጉምቲን ኣካይዳን ናይ እቲ ስርዓት ኣለልዮም፣ ብዘለዎም ዓቕሚ ከሳልዩዎ ጸኒሖምን ዝቕጽልዎ ዘለውን፣ ሓርነታዊ ቃልሲ፣ ኣብ ክብ ዝበለ ዓቕሚ በጺሑ ናብ ዝልዓለ ክሰግር፣ ኣብ ዝጎዓዘሉ ዘሎ እዋን ካኣ ነቶም ካብ ሓደ ዘይጭቡጥ መበግሲታት ተበጊሶም ነቲ ደምበ ተቓውሞ ንምድኻም፣ እቲ ቃልሲ ድኹም ኢዩ፣ ኪዳን ሓይሊ የብሉን፣ ሲቪል ሶሳይቲ እውን ይፋላለዩ ኣለው እናበሉ ዘናፍሱ ንጠቕምና ዘይምኳኑ ተፈሊጡ ህዝቢ ክቃለሶን፣ ብኣንጻሩ ካብ ሕሉፍ ተሞክሮኡ ተማሂሩ ሓድነቱ ከትርርን ተበግሶታት የርኢ ኣሎ፣ ስለ'ዚ በቲ በታኒ ወረታት ከይንስከፍ ሓደራ።
ሰናይ ቅነ።

ክብርን ዝኽርን ንስውኣትና
ዓወት ድማ ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝብና

በላይ መስፍን ጀርመን